Umbrella Multicultural Health Co-op

**ኮቪድ-19 ሓበሬታ ንመዘኻኸሪ**

**04 መስከረም 2020**

**ሰበ-ስልጣን ህዝባዊ ጥዕና ዝተሓደሰ ሓበሬታ፥ ምምላስ ናብ ቤት-ትምህርቲ**

ንመስከረም 2020 ትምህርቲ ኣብ ክፍሊ ክኽፈትዩ። ሚኒስትሪ ጥዕና ድሕሪ ናይ ዕረፍቲ መዓልቲ ሰራሕተኛታት በብቑሩብ ምምላስ ናብ ቤት- ትምህርቲ ወጢኑ ኣሎ። ገለ ብዛዕባ ዳግማይ ምኽፋት ቤት- ትምህርቲ ኣዝዩም ክንፈልጦም ዘለና ኣገደስቲ እዞም ይስዕቡ፥

1. ንድሕነት ንኩሉ ሰብ ቤት ትምህርትታት ሓድሽ ናይ ጥዕናን ድሕነት ስጉምትታትን ክሰርሑሉ እየም፡ ቤት ትምህርትታት ድሕነትን ጽሬትን፡ ምምሕልላፍ ንምጉዳል ንጥቕሚ ንትምህርቲ ጉጅለ ዝውዕል ዝተወሰኸ እኩብ ገንዘብ ተቐቢሎም
2. ካብ መስከረም 8-11 በብቑሩብ ዳግማይ ዝጅምር፡ ተማሃሮን ኣባላትን ብዛዕባ ሓድሽ ክንክን ጥዕናን ድሕነትን ኣብ ክፍልን ቤት-ትምህርትን ዝመሃሩሉ ግዜ እዩ
3. ተማሃሮ ጥዕኖኦም ንምክትታል ናይ ኮቪድ-19 ጥቡቕ ዝኾነ ስርዓት ክህሉ እዩ። ብተውሳኺ ወለዲ ውን ንደቆም ኣብ ገዛ ዕለታዊ ዕቱብ ዝኾነ ናይ ጥዕኖኦም ክትትል ክገብሩሎም ሓልፍነቶም እዩ
4. ካብ ኣብ ክፍሊ ትምህርቲ ከም ካልእ ኣማራጺ ንምድላው ፡ ወለዲ ምስ ሓለፍቲ ዘባ ቤት-ትምህርቲ ብቕልጡፍ ክረኽብዎም ኣለዎም። እዚ ድም ብኦንላይን፡ ዝርጉሕ ትምህርቲ፡ ኣብ ገዛ ትምህርቲ ወይ ኣብ ክፍሊ ክማሃሩ ዘይከኣሉ ኣብ ገዘኦም ዝመሃርሉ (homebound education) የጠቓልል።
5. ተማሃሮ ናብ ቤት-ትምህርቲ ዝምለስሉ ዘለዉ እዋን፡ ገለ ሰባት ህዝባዊ መጋዓዝያ ንዝጥቀሙ፡ ንምዝኽኻር ዝኣክል ድማ መሸፈኒ ገጽ ኣብ ህዝባዊ መጋዓዝያ ክለብሱ ብግዲ እዩ።

**ብዛዓብ ፍሉይ ዝኾነ ውጥናት ንምፍላጥ/ንምምሃር ናይ ኣማሓደርቲ ቤት-ትምህርቲ ወይብሳይት ተመልከቱ። ዝኾነ ሕቶ ብዛዕባ መምርሒ ወይ ምስ ቤት-ትምህርቲ ምርኻብ ሓገዝ ምስ እትደልዩ፣ ተሓጋገዝቲ ጉዳይ ጥዕና ምስ ሓኻይም ዘራኽባ ኣባላት ኣምብሬላ ( Cross-Cutrural Health Broker) ተወከሱ።**

<u>ዝያዳ ዝርዝር ሓበሬታ</u>

### 1. ዕቃበ ንኹሉ ድሕነት

- ዞባታት ቤት-ትምህርቲ ንሓድሽ ጥዕናን ድሕነት ስጉምትታትን ንምስራሕ ዝተወሰኸ ገንዘብ ተቐቢሎም፡ እዚ ዝስዕብ የጠቓልል፥-
    - **መሸፈኒ ገጽ ምልባስ፡** ንተማሃሮን ንኣባላትን ናብ ቤት-ትምህርቲ ኣብ ዝምለስሉ ከክልተ ናይ ገጽ መሸፈኒ ተዋሂቡ። ኣብ ዑሙር ቦታታት መሸፈኒ ገጽ ኣብ ማእከላይን ላዕለዋይን ደረጃ ክልበስ ብግዲ እዩ። ተማሃሮ መባእታ መሸፈኒ ገጽ ምግባር ኣይድልዮምን እዩ።

- **ነፍሰ ምርሕሓቕ፣** ኣብ ሓደ ጉጅለ ክፍሊ ዝመሃሩ ተማሃሮ ክልተ ሜትሮ ክረሓሓቑ ኣይድልዮምን እዩ፡ ናይ ኣካል ምትንኻፍ ግና ክንክዩ ይግባእ። ካብ ጉጅለ ናይ ክፍሎም ወጻኢ ግና ተማሃሮ እቲ ዝተሓገገ ምርሕሓቕ ክገብሩ ይምረጽ። ርሕቀት ንምዕቃብ ኣካላዊ ምርሕሓቕ ክህሉ እዩ።
- **ጽሬት፣** ቦታታት ቤት ትምህርቲ፡ኣቶቡሳት፡ልዑል ምትንኻፍ ዘለዎ ቦታታትን ናይ ሓባር ዝጥቀምሉ ንብረታትን ብተደጋጋምን ብስሩዕን ክጸር'ዩ።
- **ምንጻህ፣** ተማሃሮ ዕለታዊ ግቡእ ዝኾነ ንጽህና ክለማመዱ ክንገሮም እዩ፣ ንኣብነት ኣእዳው ምሕጻብ፡ ቅጥዒ ምሕጻብን ምህንጣስን ብሓባር ዘይምምጋብን ዘይምስታይን።
- **ትምህርቲ ብጉጅለ:** ትምህርቲ ብጉጅለ ማለት ጉጁለታት ተማሃሮን ኣባላትን ክሳዕ ናይ ርብዒ ናይ'ዚ ዓመት ትምህርቲ ወይ ወቕቲ ብሓንሳእ ዝጸንሑሉ እዋን እዩ። ብቐንዲ ነናሓድሕዶም ክራኸቡ እዮም። ትምህርቲ ብጉጅለ ምስ ብዙሓት ሰባት ካብ ምርኻብ እንዳተቖጠቡ ምስ መዘና ምርኻብን ደገፍን ተፍቅድ።

## 2. በብቑሩብ ዳግማይ ዝጅምርን ናይ ሓበሬታ ምእንፋት ሰሙንን

ድሕሪ መዓልቲ ሰራሕተኛታት ካብ መስከረም 8-11 ቤት-ትምህርትታት ንተማሃሮ ከክፍሎም ምልላይን ናይ እንካዕ ብደሓን መጸእኹምን ክግበሮሎም እዩ።

- መስከረም 8ን 9ን ንኣባላት፡ ግዜ ምድላው ንሓድሽ ወቕቲ ትምህርቲ ክኸውን እዩ።
- ተማሃሮ ንመስከርም 10 ናብ ትምህርቲ ክምለሱ እዮም ወይ ሓበሬታ ክወሃቦም እዩ። ተማሃሮ ንክፍሎም ዝርእይሉ፡ መደብ ክፍሎም ዝፈልጥሉ፡ ጉጅለ ተማሃሮ ዝላለዩሉ፡ ሓድሽ መዓልታዊ ዝገብርዎ ዝለማመድሉ፡ ኣብ ከባቢ ትምህርቶም ብጥንቃቐ ዝነቀሳቐስሉን ግዜ ክኸውን እዩ።

## 3. ኮቪድ-19 ስርዓታት

- **ምስ እንሓምም ኣብ ገዛ ንጽናሕ፣** ተማሃሮ፣ ኣባላት ወይ ካልኦት ዓቕሚ ኣዳም ዝበጽሑን ምልክታት ናይ ሰዓል፡ ጉንፋዕ፡ ኮቪድ-19 ወይ ካልእ ረኽሲ ሕማም ምስትንፋስን ምስ ዝራኣየሎም ናብ **ትምህርቲ ብፍጹም ክኣትው የብሎምን።**
- ኣባላት ወይ ካልኦት በጽሕታት ኣብ ውሽጢ 14 መዓልታት ኮቪድ-19 ምልክታት፡ ካብ ካናዳ ወጻኢ እንተኔሮምን ወይ ድማ ምስ ኮቪድ-19 ዝሓመመ ርክብ እንተኔርዎም **ርእሰ-ሸለጋ ክገብሩ** ኣለዎም
- **መዓልታዊ ነፍሰ ፍተሻ፣** ወለድን ወሃብቲ ኣገልግሎት ጥዕናናን ንደቆም መዓልታዊ ኩነታት ንጥዕኖኦም ክምርምርዎም ሓላፍነቶም እዩ። እዚ ዝስዕብ ሕቶታት ምሕታት፡-
  - ውላድካ ምልክታት ሰዓል፡ ጉንፋዕ፡ ኮቪድ-19 ወይ ካልእ ረኽሲ ሕማም ምስትንፋስ ጸገም ኣለዎ ድዩ?
  - ውላድካ ኣብ ዝሓለፈ 14 መዓልታት ካብ ካናዳ ወጻኢ ጌሹ ኔሩ ድዩ?
  - ውላድካ ምስ ኮቪድ-19 ዝሓመመ ሰብ ጥቡቕ ርክብ ኔርዎ ድዩ?
  - ካብዞን ሕቶታት እወ እንተመሊሱ ንውሉድካ ኣብ ገዛ ኣጽንሓዮ፣ ይውሸብ፡ ናብ ናይ ጥዕና ኪኢላታት ንኣድላይ ሓገዝ ሕተት።

- **ኮቪድ-19 መርመራ፥** ኣብ'ዚ ግዜ፡ዚ ሰባት ምልክታት ዘለዎም ወይ ብኪኢላታት ጥዕና ዝተፈልጡ ጥራሕ ክምርመሩ ኣለዎም
- ሓደ ኣብ ገዘኦም ምልክታት ናይ ሕማም ምስ ዝተራኣዮ ፡ ተማሃራይ እንተዘይሓሚሙ ግና **ትምህርቱ ክከታተል ይኽእል እዩ**
- ተማሃሮ ወይ ኣባላት ኣብ ትምህርቲ **ምልክታት እንተኣማዕቢሎም ክውሸቡ** እዮም። ብቕልጡፍ ናብ ገዛኦም ክስደዱን ብናይ ብክፍሊ ጥዕና ውን መርመራ ክግበረሎም እዩ። ክሳዕ ውጽኢቶም ኣሉታዊ ምልክት ዘርእዩን ምልክታት ክሳዕ ዝማሓየሽን ናብ ቤት-ትምህርቲ ክምለሱ ኣይክእሉን።
- ሰድራ ውላዶም ምስ ኮቪድ-19 ዝሓመመ ሰብ ርክብ እንተኤርዎ **ብሰበ ስልጣናት ናይ ህዝባዊ ጥዕና ክሕበሩ እዮም**። ድሕሪ'ዚ ህጻን ክውሸብ ከድልይ እዩ።

## 4. ካልእ ናይ ምምሃር ምርጫ

- ዋላ'ካ ንኣብ ክፍሊ ትምህርቲ ዝትክእ መምርሒ እንተዘየለ፡ ወለዲ ናይ ደቆም ካልእ ናይ ትምህርቲ ምርጫ ኣለዎም። እዚ ድማ ዝርጉሕ ትምህርቲ፣ ኣብ ገዛ ትምህርትን ወይ ኣብ ክፍሊ ክማሃሩ ዘይከኣሉ ኣብ ገዛኦም ዝመሃሩ (homebound education) የጠቓልል። ወለዲ ነዚ ምርጫታት ንምድላው ክጥይቑን ምስ ቤት-ትምህርቲ ክራኸቡን ኣለዎም።
- ወለዲ ተማሃሮ ደቆም ሕማም ናይ ምጽዋር ክእለቶም ድኹም ዝኾነን ሕዱር ሕማም ዘለዎምን ምስ ናይ ግሎም ጥዕና ወሃብቲ ሓደግነት ውላዶም ናብ ቤት-ትምህርቲ ምኻድ ክዘራረቡ ይግባእ። ተማሃርይ ኣብ ትምህርቲ ክመጽእ እንተዘይኪኢሉ፣ ዘባታት ናይ ትምህርቲ ምስ ወለዲ ብዛዕባ ናይ ውላዶም ካልእ ክመሃረሉ ዝኽእል ምርጫ ብሓንሳእ ኮይኖም ክሰርሑሉ እዮም።
- ጎደሎ ኣካል ወይ ስንክልና ዘለዎም ተማሃሮን ዝተፈላለዩ ክእለት ዘለዎምን ከምቲ ቅድሚ ሕማም ለበዳ ዝነበረ ሓገዝ ተመሳሳሊ ሓገዝን ኣገልግሎትን ክወሃቦም እዩ።

## 5. መሸፈኒ ገጽ ኣብ ህዝባዊ መጋዓዝያ

ተማሃሮ ናብ ትምህርቲ ዝምለስሉ ዘለዎ እዋን፡ ገለኦም ብህዝባዊ መጋዓዝያ ክመላለሱ ይኽእሉ እዮም። ብዘይካ ነቶም ናይ ጥዕና ጸገም ዘለዎምን መሸፈኒ ገጽ ክለብሱ ዘይክእሉን ኣብ ህዝባዊ ሞጋዓዝያ መሸፈኒ ገጽ ወይ መሸፈኒ ገጽን ኣፍን ክልበስ ብግዲ እዩ።

ከተማና ኣብ ዳግማይ ምኽፋት ትምህርቲ ፣ ተማሃሮ፡ ወለዲ፡ ቤት-ትምህርቲ ኣባላትን ክሳዕ ኲሉ ሰብ ነዚ ሓድሽ ናብራ ዝለማመዱ ናይ ምስግጋር እዋን ክሙከሩ'ዮም ። ንድሕነት ደቅናን ሕብረተሰብናን ጥዕኖኦም ንምክልኻል ክንሃድእን መምርሒ ክንክተልን ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ።

ውጥን ናብ ቤት-ትምህርቲ ምምላስ ኣብ'ዚ ጠውቑ፥ : [https://www2.gov.bc.ca/gov/content/education-training/k-12/covid-19-return-to-school](https://www2.gov.bc.ca/gov/content/education-training/k-12/covid-19-return-to-school)

<u>ብዛዕባ ውጥን ዝምለከት ሕቶታት ምስ ዝህልወኩምን ወይ ምስ ቤት-ትምህርቱኹም ንምዝርራብ ሓገዝ ምስ እትደልዩ</u> ንኣብ ኣምብሬላ ዝሰርሓ ተሓጋገዝቲ ጉዳይ ጥዕና ምስ ሓኻይም ዘራኽባ ንኣባላት ኣምብሬላ ( Cross-Cutrural Health Broker) ተወከሱ።